# Refugee agencies help and advice

June 2008 Tigrignia

# ውቅባ ንምርካብ ቅድሚ 5 መጋቢት 2007 ኣመልከትኩም ክነስኹም፣ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ንክትጸንሑ ፍቓድ ዘይተዋህቦም ዲኹም?

መልስኹም 'እወ' እንተደኣ ኮይኑ፣ እቲ ዘቕረብክዎዎ ምልክታ በቲ ኣብ ቤት ጽሕፈት ወጻኢ ጉዳያት ዘሎ፣ ነቲ ጉዳይ መፍትሒ ዝገብረሉ ዲረክትሬት (Case Resolution Directorate) ዝበሃል ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዶብ ኤጀንሲ (UK Border Agency - UKBA) ኣካል ዝኾነ ቤት ጽሕፈት ዳግማይ ክረአ እዩ። እዚ ዲሬክትሬት ኢዚ ቅድሚ ሕጂ ውሳነ ዘይተዋህቦም ሕቶታት ዝምልከት ጉዳይ ይከታተል። ካብ ሕጂ ክሳብ 2011 ዓ.ም ዘሎ ግዜ፣ ቅድሚ መጋቢት 2007 ዝቐረቡ መብዛሕትኦም ጉዳያት እንደገና ክረኣዩ እዮም።

እቲ ዲረክትሬት፣ ጉዳይኩም ዳግማይ ንኽርእ ከምዝተመርጸ ዝሕብር ደብዳበ ንሓደሓደ ሓተቲ ውቕባ ክሰድድ ጀሚሩ ኣሎ።

## ካብቲ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዶብ ኤጀኝሲ (UKBA) ደብዳበ እንተደኣ ተቐቢልኩም እንታይ ክትገብሩ ይግባእ?

እቲ ካብ UKBA ዝለኣኽ ደብዳበ ከምዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ዝሓዘ ይኸውን፥

- መግለጺ ብዛዕባ ጉዳይኩም ዳግማይ ንኽረአ ከምተመርጸ
- ናይቲ ጉዳይኩም ዝከታተል ሰብ ኣድራሻ ብዝርዝር
- ሓበሬታ ብዛዕባ ሕጋዊ ዝኾነ ምኽሪ ብኸመይ ከምትረኽቡ
- ሓበሬታ ብዛዕባ፣ ሰባት ናብ ናይ ትውልዲ ሃገሮም ብድሌቶም ብኸመይ ክምለሱ ከምዝኽእሉ

ከምእውን እቲ UKBA ቅዳሕ ናይዚ ደብዳቤ ነቲ ሕጋዊ ወኪልኩም (እንተደኣ ኣሎኩም ኮይኑ) ክሰደሉ ይግባእ።

ከምእውን ኣብቲ ቤት ጽሕፈት UKBA  ዝልእኮ ደብዳበ ንጉዳይኩም ዝምልከት ዝርዝር ሓበሬታ ስለዝልእኽ፣ እዚ ሓበሬታ ቕኑዕ ምዃኑን ዘይሙዃኑን ከተረጋግጹ ይግባእ። ኣብቲ ደብዳበ ኣብ ውሽጢ **21** መዓልታት ንስኹም ወይ እቲ ሕጋዊ ወኪልኩምን ተወሳኺ ሓበሬታ ናብ UKBA ንኽትልእኹ ክትሕተቱ ትኽእሉ ኢኹም። ንስኹም ወይድማ እቲ ናይ ሕጊ ወኪልኩም ኣብቲ ደብዳበ ተጻሒፉ ካብ ዘሎ ዕለት ጀሚሩ መልስኹም ኣብ ውሽጢ **21** መዓልታት ከምዝበጽሕ ክትገብሩ ይግበኣኩም።

እዚ ደብዳበ ምስ ተቐበልኩም ምኽሪ ወይድማ ሓገዝ ምሕታት ኢቲ ዝበለጸ ኣማራጺ እዩ – ኣብ ዝቕጽል ገጽ ተመልከቱ። ሕጋዊ ምኽሪ ኣብ ግዜ ክትረኽቡ እንተደኣ ዘይከኣልኩም፣ መልስኹም ኣብ ግዚኡ ብምልኣኽ፣ ኣብቲ ደብዳበ ጉዳይኩም ብዝምልከት ሕጋዊ ምኽሪ ትደልዩ ከምዘለኩም ክትገልጹ ይግባእ። ቅዳሕ ናብ ቤት ጽሕፈት UKBA ዝለኣኽክሞም ደብዳበታት ኩሉ ከተቐምጥዎ ከምእውን ናብ UKBA ዝደወልክሞ ኩሉ ብጽሑፍ ከተቐምጥዎ ይግባእ።



Asylum Support Partnership is a partnership project hosted by the British Refugee Council
British Refugee Council, (commonly called the Refugee Council) is a company limited by guarantee registered in England and Wales, [No 2727514] and a registered charity, [No 1014576].
Registered office: 240-250 Ferndale Road, London SW9 8BB, United Kingdom

## እቲ ጉዳይኩም ዝከታተል ሰብ ሽሙ እንተደኣ ዘይትፈልጥዎ ኰንኩም፡ ንUKBA ብኸመይ ክትውከሱ ትኽእሉ?

ካብ ቤት ጽሕፈት UKBA ደብዳበ እንተደኣ ዘይተለኣኸልኩም ኰይኑ፡ እሞ ኩነታትኩም ከምዝተቐየረ (ንኣብነት፡ እንተደኣ ወሊድኩም፣ ተመርዒኹም ወይድማ ኣድራሻ ቀይርኩም) ን ቤት ጽሕፈት UKBA ክትሕብሩ ደሊኹም ንናይ ኢሚግሬሽን ናይ ሕቶ ጽሕፈት ቤት (Immigration Enquiry Bureau - IEB) ብስልኪ ቁጽሪ 0870 606 7766 ክትውከሱ ትኽእሉ ኢኹም።

IEB መለለዪ ቁጽርኹም፣ ስምኩም፣ ዜግነትኩም፣ ዝተወለድክምሉ ዕለት፣ ከምእውን ዑቕባ ዝሓተትክምሉ ዕለት ክሓተኩም እዩ። ብድሕሪኡ ድማ ኩነታትኩም ዝምልከት ዝኾነ ለውጢ እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ፤ ምእንቲ ብጽሑፍ ክትሕብሩ፡ IEB ናይቲ ጉዳይኩም ዝከታተል ሰብ ኣድራሻ ክህበኩም እዩ። IEB ናይ ጉዳይኩም ውሳነ መዓስ ከምዝወሃብ ክነግረኩም ኣይክእልን እዩ። ኣድራሻኹም እንተደኣ ተቐይሩ ኮይኑ፡ እቲ ሓድሽ ኣድራሻኹም ንIEB ብተሌፎን ክትነግርዎ ትኽእሉ ኢኹም።

## UKBA ጉዳየይ እንደገና ከምዝርእዮ ክገብር እኽእል ዶ?

ጉዳይኩም ሕጂ ክረአ ኣለዎ ዝብል ፍሉይ ምኽንያት እንተደኣ ኣለኩም ኮይኑ፡ ብዛዕብኡ ምስቲ ሕጋዊ ወኪልኩም ክትዘራረቡ ይግባእ። UKBA ብናይ ሕጊ ወኪልኩም ወይድማ ናይ ፓርላማ ኣባል ዝኾነ ሰብ (MP) ዝቐረበ ጽሑፋዊ ውክልና ንኽቕበሎ ይሰማማዕ።

## UKBA ንኹሎም ሓተቲ ዑቕባ ድዩ ደብዳበ ዝሰድድ ዘሎ?

ኣይፋልን። ቤት ጽሕፈት UKBA ንሓደሓደ ጉዳዮም ዝርእዮ ዘሎ ሓተቲ ዑቕባ ደብዳበ ኣይክሰደሎምን እዩ። ንኣብነት፡ ሰባት እንተደኣ ገበን ፈጺሞም፣ ናይ UKBA ሕግታት እንተደኣ ዘይተኸተሉ፣ ወይድማ ሕጋዊ ብዘይኮነ ክሰርሑ እንተደኣ ጸኒሖም፡ እዚኣቶም፡ እቲ ናይ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ዶብ ኤጀንሲ ከይሰጎጎም፡ ደብዳበ ናይ ምቕባል ዕድሎም ጸቢብ እዩ። ብዛዕባ ጉዳይኩም እንተደኣ ትሻቐሉ ኰንኩም፡ ሕጋዊ ዝኾነ ምኽሪ ክትደልዩ ኣድላዪ እዩ - ኣብ ታሕቲ ተመልከቱ።

ካብዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱ ሰባት ከምዘይኰንኩም እንተደኣ ትተኣማመኑ ኰንኩም፡ እሞ UKBA ከኣ ብዛዕባ ጉዳይኩም እዋናዊ ዝኾነ ሓበሬታ እንተደኣ ኣለዎ ኮይኑ፡ ክሳብ ደብዳበ ዝስደደልኩም ክትጽበዩ ዝሓሸ ይኸውን። እንተኾነ ግን፡ እቲ ደብዳበ ካብ UKBA ምስተቐበልኩም መልሲ ንምሃብ ነዊሕ ግዜ ስለዘይብልኩም (21 መዓልታት) ሕጋዊ ምኽሪ ኣብ ዝቀልጠፈ ግዜ ክትረክቡ ከምእትኽእሉ ከተረጋግጹ ይግባእ።

ብዛዕባ ጉዳይኩም ንUKBA ክትነግርዎ እትደልዩ ነገራት እንተደኣ ኣሎ ኮይኑ፡ መጀመርያ ሕጋዊ ዝኾነ ምኽሪ ክትረኽቡ ኣድላዪ ይኸውን።

## ምኽሪ ምርካብ

ካብዞም ዝስዕቡ ሓደ ክትገብሩ ይግባእ፥

- እቲ ቅድሚ ሕጂ ጉዳይኩም ዝተኸታተለ ጠበቓ ተወከስዎ ወይድማ፡
- ክሕግዘኩም ዝኽእል ከምእውን ደብዳበ ምስተቐበልኩም ክሕግዘኩም ዝኽእል ጠበቓ ድለዩ።

ነቲ ናይ ኮሚኒቲ ሕጋዊ ምኽሪ (**Community Legal Advice**) በዚ ስልኪ ቁጽሪ እዚ ብምድዋል 0845 345 4345 ሕጋዊ ወኪል ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፤ ንሳቶም ድማ ዝያዳ ክሕግዝኹም ናብ ዝኽእሉ ናይ ሕጊ ወኪል ወይድማ ማሕበር ከመሓላልፍኹም ይኽእሉ። ከም ካልኣይ ኣማራጺ ድማ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ክትርእዩ ትኽእሉ ኢኹም፡ www.communitylegaladvice.org.uk

እቲ ሕጋዊ ወኪልኩም፡ ካብ ምስ ናይ ሕጋዊ ኣገልግሎታት ኮምሽን (Legal Services Commission) ርክብ ዘለዎ ማሕበር ክኸውን ይግባእ፤ እዚ ማለት ድማ ምስ ናይ ኢሚግሬሽን ሕጊ ኮንትራት ዘለዎ ወይድማ ኣብ ናይ ቤት ጽሕፈት ኢሚግሬሽን ኣገልግሎታት ኮሚሽነር (**Office of the Immigration Services Commissioner - OISC**) ዝተመዝገበ ኣማኻሪ እዩ ማለት እዩ። ብዛዕባ ናይ ዑቕባ ሕጊ ምኽሪ ዝህቡ ዝተመስከረሎም ማሕበራት ዝርዝር ሓበሬታ ንኽሕበኩም ንOISC ክትውከስዎ ትኽእሉ ኢኹም። ስልኪ ቁጽሪ፥ 0845 000 0046 ወይድማ ኣብዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ተመልከቱ www.oisc.gov.uk

እቲ ሕጋዊ ወኪልኩም ንናይ ሕጋዊ ሓገዛት ስለዘለምክት፡ ንናይ ሕጋዊ ምኽሪ ክትከፍሉ ኣይግባኣኩምን እዩ። እዚ ኣገልግሎት ንምርካብ ድማ እቲ ኣብ ናይ ስደተኛታት ኤጀንሲ ዘሎ ኣማኻሪ ክሕግዘኩም እዩ።

ምስቲ ሕጋዊ ወኪልኩም ምስተራኽብኩም፡ ከምዚ ዝሰዕብ ክትገብሩ ይግባእ፥

- እቲ ኩሉ ዘድሊ ደኵመንትታት ከምዘለኩም ኣረጋግጹ፡ ንኣብነት፡ ቅዳሕ ናይቲ ዑቕባ ውሳኔ፣ ዝኾነ ከምዝተነጸግኩም ዘርኢ ደብዳበ፣ ካብቲ ናይ ዑቕባን ስደተኛታትን ቤት ፍርዲ ዝተወሃበ ውሳነ፣ ከምእውን ካብኡ ንነጀው ዝተወሰደ ስጉምትታት ወይ ዝተገብረ ርክባት።
- ቅዳሕ፡ ናይዞም ወረቓቕ እዚኣቶም ክትሕዙ ከምእውን ኣብ ብቐሊሉ ክትረኽብዎ እትኽእሉ ቦታ ከተቐምጥዎ ኣድላዪ እዩ። እንተደኣ ብUKBA ተኣሲርኩም፡ ነዞም ወረቓቕቲ ብዝቐልጠፈ ግዜ ዘምጽእ ፈታዊ ወይ ዓርኪ ክድልየኩም እዩ።

## ዑቕባ ንምርካብ ቅድሚ ሚያዝያ 2003 ዶ ኣመልኪትኩም?

ዑቕባ ንምርካብ ቅድሚ ሚያዝያ 2003 እንተደኣ ኣመልኪትኩም፡ እሞ ዘእተኽሞ ሕቶ እንተደኣ ተነኺጉ፡ እንተኾነ ግን እቲ ውሽጣዊ ጉዳያት ቀልጢፉ ውሳነ ሂቡ ኔሩ እንተዝኸውን ናይ ስደተኛታ መንበሪ ፍቓድ ወይድማ ፍሉይ ናይ ምጽናሕ ፍቓድ ምተወሃበኩም ኔሩ ኢልኩም ተእምኑ እንተደኣ ኰይኑ፡ ብኽብረትኩም ብዛዕባ እዚ ሓጺር መግለጺ ኣብዚ ዝሰዕብ ናይ ቤት ምኽሪ ስደተኛታት (Refugee Council) መርበብ ሓበሬታ ተመልከቱ፥
www.refugeecouncil.org.uk/policy/briefings/2007/delays.htm

ብዛዕባ ኣብዚ ሓጺር ጽሑፍ እዚ ሰፊሩ ዘሎ ሓበሬታ ሕቶታት እንተደኣ ኣሎኩም ኮይኑ፡ ብኽብረትኩም ካብዞም ኣብ ታሕቲ ተዘርዚሮም ዘለው ኤጀንሲታት ሓደ ተወከሱ፥

**ናይ ስደተኛታት ናይ ምኽሪ መስመር (Migrant Helpline) ዋና ቤት ጽሕፈት (Kent, Sussex)**
ስ.ቁጽሪ፥ 01304 203 977
www.migranthelpline.org.uk

**ናይ ብዙሕ ባህልታት ምንጪ ማእከል (Multi-Cultural Resource Centre) (Northern Ireland)**
ስ.ቁጽሪ፥ 02890 238 645
www.mcrc-ni.org

**ሰሜናዊ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ስደተኛታት ኣገልግሎት (North of England Refugee Service) ዋና ቤት ጽሕፈት (North East)**
ስ.ቁጽሪ፥ 0191 245 7311
www.refugee.org.uk

**ረፍዩጂ ኣክሽን (Refugee Action) ዋና ቤት ጽሕፈት**
**(East Midlands, North West, South Central, South West)**
ስ.ቁጽሪ፥ 020 7654 7700
www.refugee-action.org.uk

**ቤት ምኽሪ ስደተኛታት (Refugee Council) ዋና ቤት ጽሕፈት**
**(London, East of England, Yorkshire & Humberside, West Midlands)**
ስ.ቁጽሪ፥ 020 7346 6700
www.refugeecouncil.org.uk
http://languages.refugeecouncil.org.uk

**ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ስኮትላንድ (Scottish Refugee Council) ዋና ቤት ጽሕፈት (Scotland)**
ስ.ቁጽሪ፥ 0141 248 9799
Freephone: 0800 085 6087
www.scottishrefugeecouncil.org.uk

**ቤት ምኽሪ ስደተኛታት ዌልስ (Welsh Refugee Council) ዋና ቤት ጽሕፈት (Wales)**
ስ.ቁጽሪ፥ 029 2048 9800
www.welshrefugeecouncil.org



Asylum Support Partnership consists of:

Migrant Helpline, charity number: 1088631 www.migranthelpline.org
Refugee Action, charity number: 283660 www.refugee-action.org.uk
Refugee Council, charity number: 1014 576 www.refugeecouncil.org.uk
Scottish Refugee Council, charity number: SC008639 www.scottishrefugeecouncil.org.uk
Welsh Refugee Council, charity number: 1044885 www.welshrefugeecouncil.org.uk